# ናባና ናብ “ኣተንዶ ሄምሸንስት” ብደሓን ምጹ!



ዕድመ እናወሰኸ ኣብ ዝኸደሉ ጊዜ፥ ብዙሓት ኣረጋውያን፡ ዋላ ነቶም ኣብ መዓልታዊ ህይወት ዘድልዩ ቀለልቲ ዕማማት ኣብ ምትግባር ይጻገሙ እዮም። ንኣብነት ከም ናብ ዕዳጋ ኼድካ ምሸማት፥ ምጽራይ ገዛ ወይ ውን ክዳውንቲ ምሕጻብ ኪኸውን ይኽእል'ዩ። ስለዚ ኣብ ገዛኻ ውሕስነት ምእንቲ ኪስመዓካ፥ ንዓኻ ይኹን ወይ ንሓደ ዘመድካ - ደገፍን ክንክንን ካብ “ኣገልግሎት ገዛ” (ሄምሸንስት) ምርካብ ወሳኒ ኪኸውን ይኽእል እዩ።

ድሕሪ ልዕሊ 40 ዓመት ኣብ ”ኣገልግሎት ገዛ” ምጽናሕና ብዝረኸብናዮ ተመኩሮ፥ እዞም ኣብ ”ኣቴንዶ” (Attendo) ዘሎና ሰራሕተኛታት፥ ንዓኻ ወይ ንቤተሰብካ ዕጉባት መታን ክትኮኑ፥ እንታይ ምግባር ከም ዘድሊ ንፈልጥ ኢና። ካብቶም ውፉያትን ብኣኽብሮት ዘገልግሉን ሰራሕተኛታትና፥ ልዑል ደረጃ ዘሎዎ ክንክን ክትጽበ ትኽእል ኢኻ።
ካብ ውልቃዊ ክንክን ጀሚርካ ክሳብ ኣብ ገዛ ዚግበር ኣገልግሎታት ሓገዝ ንህብ ኢና። ጽቡቕ መግቢ ነምጽኣልካ፥ ነጽርየልካ፡ ዕዳጋ ኬድና ንሸምተልካ፥ መግቢ ንሰርሓልካ፥ ክዳውንቲ ንሓጽበልካ ወይ ውን ምናልባት ናብ ቆጸራ ሓኪም ክነሰንየካ ንኽእል ኢና። ከም ዓሚል ናይ “ኣቴንዶ” መጠን፥ ደስ ዘብል ናይ ሓባር ንጥፈታት ውን ካባና ብሃንቀውታ ክትጽበ ትኽእል ኢኻ።
ንዓና እቲ ንገብሮ ውልቃዊ ርክባትና ኣገዳሲ እዩ፣ ልክዕ ከምቲ ንስኻ ኣብ ገዛኻ ንኣጋይሽካ ትገብሮ፥ ብኣና ውን ኣቓልቦ ከም ዝረኸብካን ከም ዝተረኣኻን ኮይኑ ኪስምዓካ እዩ። ንስኻ ንዓና ከም ወሃብቲ ክንክን ገዛ ጌርካ ምስ መረጽካና፥ ናብ ገዛኻ መጺእና ንኹሎም ነቶም ድሌታትካን ባህጊታትካን ብምምዝጋብ ክንጅምሮ ኢና። እቲ ዝበዝሕ ግዜ ናባኻ ዚመጽእ ሰብ ድማ፥ ንሱ ከም ውልቃዊ ተኸታትሊ ርክባትካ ኪኸውን እዩ። ሕቶታት ምስ ዚህልወካ ወይ ውን ድሌታትካ ኣብ ዝቀያየሩ ጊዜ ድማ፡ ምስኡ ርክብ ክትገብር ኢኻ።

### ንናይ ገዛ ኣገልግሎት መሰል ምስዘይህልወካ፥ ግን ድማ ናይ ገዛ ሓገዝ ምስ ትደሊ

ኣብ መዓልታዊ ህይወትካ ቁሩብ ዕረፍቲ ዘድልየካ፥ ግን ድማ ናይ ገዛ ኣገልግሎት ዘይፍቀደልካ ምስ ዚኸውን? ካብ ግብሪ ምኻፋል ቅናሽ ዚግበረሉ (RUT-avdrag) ዚበሃል ናይ ገዛ ስርሓት ኣገልግሎት ውን ኣሎና እዩ። እዚ ድማ ከም ጽሬት ገዛ፡ መስኮት፡ ሕጽቦን ምስትራርን፡ ወይ ቅልል ዝበለ ናይ ጀርዲን ስራሕ ኪኸውን ይኽእል'ዩ። ነቶም ዝኣዘዝካዮም ስርሓት ድማ፥ በቲ ንልእከልካ መኽፈሊ-ወረቐት ጌርካ፥ ነቲ ዚኽፈል ግብሪ ብምቕናስ ክትከፍሎ ኢኻ።

### እንታይ ክንሕግዘካ ንኽእል?

ኣብ ገዛኻ ድጋፍ የድልየካ'ዶ፥ እሞ ምስ ኣዝዮም ሕያዎት ኣገልግልቲ ሰባት ክትራኸብ ኣገዳሲ'ዩ ኢልካ'ዶ ትሓስብ? ምሳና ክትራኸብ ንዕድምካ፥ ብዙሕ ነዘንትወልካ ነገራት ውን ኪህሉ እዩ!


### ናይ ርክብ ሓበሬታ

Attendo Hemtjänst Göteborg, Verksamhetschef Frida Höglund

ቴሌፎን፡ 073 316 50 06
ኤ-ፐስት፡ frida.hoglund@attendo.se
www.attendo.se


ካሜራኻ ናብዛ “ኲ-ኣር” ኮድ ኣቕንዓያ፥ ኣብኡ ድማ ብዙሕ ሓበሬታ ክትረክብ ኢኻ።

## ንናይ ገዛ ኣገልግሎት ብኸምዚ ዚስዕብ ኣገባብ ተመልከት

ንናይ ገዛ ኣገልግሎት ናብቲ ኮሙንካ ኢኻ ምልክታ ተቕርብ። ግላውያን ናይ ገዛ ኣገልግሎት ዚህባ ትካላት፥ “ከም ኣተንዶ” (ATTENDO) ዝኣመሰላ ምምራጽ፥ ካብቲ ንናይ ኮሙን ኣገልግሎት ገዛ ትኽፍሎ ዝኸበረ ኣይኮነን።

**1**

ንናይ ገዛ ኣገልግሎት ምልክታ ምቕራብ
ምልክታ ንምቕራብ ኣብቲ ኮሙንካ ምስ ሓንቲ “ናይ ድጋፍ ፈጻሚት ጉዳይ” (biståndshandläggare) ርክብ ግበር።

**2**

ኣገልግሎት ገዛ ዚህበካ ትካል ምምራጽ
ነታ “ናይ ድጋፍ ፈጻሚት ጉዳይ” (biståndshandläggare)፥ እቲ ዚግበረልካ ደገፍ ድማ ብ”ኣተንዶ” (Attendo) ኪግበረልካ ከም ትደሊ ንገር።

**3**

ምሳኻ ርክብ ክንገብር ኢና
ናትና ዓሚል ክትከውን ከም ዝደሌኻ ካብቲ ኮሙን ሓበሬታ ምስ ተዋህበና፥ ምሳኻ ርክብ ክንገብር ኢና። ናብ ገዛኻ መጺእና ክንረኽበካ ድማ ቆጸራ ክንገብር ኢና።